# ሓበይ፥ ከመይ ክን ይሀልው?

ስ ምዕ ምብ ደ

ካብ ዝሓለፈ ዝቐጸለ ራብዓይ ክፋል . . .

ብድሕርʼዚ፡ ብሓንሳእ ከም ዘይጸናሕና ቈሊሕ-ምሊሕ እናበልና ብብልሓት ተፈላ ሊና መመገድና ኸድና። ኣነ ግና ካብቲ ንሱ ዚበሎ ብዙሕ ነገራት ኣተሓሳሲቡኒ፡ ብዙሕ ሕቶታት ድማ ኣብ ኣእምሮይ ኽሓድር ኪእሉ።

ብሓሳባት ተቐቢረ፡ ብምስትንታን ድማ ኣስጊለ ከለኹ፡ ብርሑቕ ስመይ ዝሰማዕኩ ኰይኑ ተሰሚዑኒ፡ ስንብድ ኢለ ግልጽ በልኩ። እቲ ኣጸዋውዓ፡ ዳርጋ ኽምዚ ጽውዕ ውዒሉ ዝደኸመ፡ ናይ ምንጽርጻር ዓይነት ኰይኑ ስለ ዝተሰምዓኒ መሊሰ ድማ ተረበሽኩ። ምኽንያቱ ምስቲ ዝነበረኒ ፍርሂ ተሓዋዊሱ ድኣ ኣደናጊሩኒ እምበር እቲ ድምጽስ ናይ ወዲ ተባዕታይ ኣይነበረን። እታ እትጽውዓኒ ዝነበረት ሓንቲ ካብተን መዳቕስተይ እያ ነይራ።

ኣብቲ ጥቕኣ ምስ ቀረብኩ ድማ፡ ብስራሕ ተመዚዝና እንኸዶ ቦታ ከም ዘሎ እሞ፡ ተቐላጢፍና ዝብላዕ ረኺብና፡ መሬት ብእዋኑ መገድና ኽንጅምር ከም ዝተነግረና ሓበረትኒ።

እቲ እንኸዶ ኣበይ ከም ዝኾነ ኣይሓተትኩዋን፣ ምኽንያቱ ዘምጽኦ ለውጢ ኣሎ ኢለ ስለ ዘይሓሰብኩ። ግና እቲ ኹሉ ነገራታ ዳርጋ ባህ ኣይበለንን . . . ኣፍሪሁኒ ድማ። ክትክይድ ተሃዊኻ። ደሓር ግና እከለ ወይስ እከሊት ስለ ዘየለዉ ኢና ንሕና ንኸይድ ዘሎና እምበር ኣይምሰደዱናን ነይሮም። ሕጂ ኸኣ ተቐላጠፊ ኢላ ምስ ሃወኽትኒ፡ ብዘይ ተረድኣኒ ምኽንያት፡ ቁርብ ፍኹስ ኢሉኒ። ብዙሕ ዝጥርነፍ ነገራት ኣይነበረናን። ስለዚ ድማ ንምቅርራብ ዘደንጉየና ምኽንያት ኣይነበረን። ብኡ-ብኡ ተዳሊና ድማ ተበገስና።

መገድና ጀሚርና ሓያለ ምስ ተጓዓዝና ድማ፡ ሓቲተያ ዘይኰነስ፡ ብነብሳ እቲ ኹነታተይ ግዲ ኣተሓሳሲብዋ፡ ወይ ገሪሙዋ ኾይኑ፡ ሓደ ነገር ኽትነግረኒ ጀመረት።

ግደ ሓቂ ኽዛረብ እንተ ድኣ ኾይኑ፡ ኣብኡ ዝተፋክለጥኩዋ ስለ ዝነበረት፡ ልበይ መሊኣ ናይ ውሽጠይ ዘዕለልኩዋ መዓልቲ ኣይዝከረንን። እቲ ኹነታተይ ድማ ንሓደ እኳ ኽይኣምን ስለ ዘገበረኒ ኣብ ከምቲ ናተይ ዓይነት ኩነታት ዝነበራ ካልኦት እንተ ደኣ ነይረን፡ ኽግምት ጥራይ እንተ ዘይኰይኑ፡ ኣረጋጊጸ ዝፈልጦ ነገር ኣይነበረን፡ ንኽፈልጥ ድማ ዘህውኽ ሃረርታ ኣይነበረንን።

ሕጂ ድማ፡ እዚኣ ኸኣ፡ ሽሕ እኳ ብዙሕ ዘይግድሳ ወጀሃላ ዓይነት እንተ መሰለት፡ ሕጂ ብዛዕብኣ ገለ ኽስተብህል ጀመርኩ። ከም እተዓዘብኩዎ ድማ እቲ ጸወትኣን ምውዛያን ነቲ ኣብ ውሽጣ ዝነበረ ዓሚቝ ስቓይ መሸፈኒ ዝነበረ ይመስል። እሞ፡ ለካስ ንሳʼውን ከምዚ ናተይ ብውሽጢ ዝሳቕያ ገለ ነገር ነይሩዋ እዩ ኢለ ድማ ገመትኩ።

ሕጂ ኣብ መገዲ በይንና ኾይንና ምስ ብሓትና ድማ፡ ልክዕ ንኽተዕልለኒ ዘምጽ ኣትኒ ኾይኑ ክሳዕ ዝስምዓኒ፡ ብዙሕ ነገራት ከተካፍለኒ ጀመረት።

ገለ-ገለ እዋን ድማ ልክዕ ትደግመለይ ከም ዘላ፡ እቲ ወዲ ዝነገረኒ ነገራት ከምታ ናቱ ገይራ፡ ቃል ብቓል ምስ ነገረትኒ ድማ ሰንበድኩ። እቲ "በይንኺ ኣይኰንክን" ዝበለኒ ድማ ተዘከርኒ።

ሕጂ'ውን እንተ ኾነ፡ ገና፡ ነጸ ኹይነ ክዛረባ ኣይጀመርኩን። እቲ መጀመርታ ኣብዚ ክንመጽእ ከሎና፡ ዳርጋ ካብ ሓደ ቦታ ስለ ዝመጻእና፡ መብዛሕትና ነንሕድሕድና ንፋለጥ ብዙሓት ኢና ኔርና። ህዝብና ገዝኡን ስድርኡን ቤተ-ሰቡን ገዲፉ ምውጻእ መጀመርትኡ ኣይኰነን፤ ኩነታት ገዲድዎ ድማ ዳርጋ ዘይርከበሉ ኩርናዕ ናይ ዓለም ዘሎ'ውን ኣይመስለንን።

"ወዮ ደኣ ጊዜ ኣሎና ኢልና ዝወሰድናዮ ስጉምቲ ኣይነበረን እምበር፡ ስድራይን ስድርኡን ዝፈልጥዎን ዝመረቕዎን ሓደ ኣዝየ ዝፈትዎ ወዲ ነይሩኒ።" እናበለት፡ ዳርጋ እናስተንተነት፡ ናይ ውሽጣ ኸተካፍለኒ ጀመረት። ቀጺላ፡ "ብዙሕ ኸይገበረ ግና፡ በቲ ዝነበሮ ክእለት ኺሰርሖ ዚኽእል ካልእ ኣድላዪ ነገር ስለ ዝነበረ፡ ብስራሕ ምኽንያት ከም እተቐይረ ተነጊረ።" ኢላ ትም በለት።

ኣነ ድማ፡ እቲ ዝበለቶ ድሮ ኣተሓሳሲቡኒ፡ ኣብ ክንዲ ምጽባይ፡ "...*ነይሩኒ*"፣ ኢልኪ እሞ፡ እንታይ ማለትኪ እዩ? ኢለ ሓተትኩዋ። "እወ፡ እንታይ ደኣ፡ ነይሩኒ እዩ። እቶም ኣዕርኽቱ ኣልዒሎሞ ስለ ዘይፈልጡ እቲ ምኽንያት ኣዕጋቢ ኹይኑ ኣይረኸብኩዎን። ጸሎተይ ግና፡ እቲ ገጢምዎ ይኸውን ዝብሎ ነገራት ከምቲ ኣነ ዝሓስቦ ኸይከውን ጥራይ እዩ። ሓደ መዓልቲ ክንራኸብ ድማ ተስፋ እገብር። ግና ኰሉ እቲ ኩነታቱ እንተ ኣስተብሃልኩሉ ድማ ሕልሚ ይመስል። ብዝኾነ ግና፡ ኣብዚ እኳ እንተ ዘይተራኸብናስ፡ ኣብቲ ናይ ዘለኣለም ቤት ከም እንራኸብ ፍጹም ጥርጥር የብለይን፡ ምስ በለት፡ ደው ኢለ ቀው ኢለ ዝጠመትኩዋ ኹይኑ ይመስለኒ። "*... ናይ ዘለኣለም ቤት*" ኢለ ድማ፡ ነታ ሓረግ ኣብ ኣእምሮይ ደገምኩዋ። እሞ፡ ቅድሚ እዚ እኹል እዋን ምስኣ ከም ዘየሕለፍኩ፡ ኩሉምላ ቅድሚ ሕጂ ዘይፈለጥኩዋ ሓዳስ ሰብ ኰይናትኒ።

"እግዚኣብሄር ብጻይ ቅኑዕ" እዩ እሞ፡ ነቲ ውርደትና ርእዩ ግዲ ነቲ ኽፉእ ግብርና በቲ ሰናይና ይሽፍኖ ይኸውን። ሞት ዘይተርፍ እዩ እሞ፡ ካብቲ ናይ ዘለኣለም ኩነኔ የድሕነና፡ ኢለ ኣይ ከም ጸሎት ኣይ ከም ትምኒት ገይረ በልኩዋ።

ሃዲኣ ስምዕ ምስ ጸንሓትኒ ድማ ኣብ ሓሳባት ከም ዝወደቐት፡ ዝን በለት። ሽዑ ቅጽል ኣቢላ፡ "እቲ ጽሑፍ ብዘይ ብኣይ ንኣቦ ዚርእዮ ሓደ እኳ የልቦን ይብል፡ እሞ፡ እቶም ሓጢኣቶም ብደም የሱስ እተሓጽበሎም፡ ብርግጽ ናይ ዘለኣለም ህይወት ከም ዘለዎም፡ የሱስ ባዕሉ ኢሉ።"

ሕጂ ኸኣ፡ እቲ ወዲ ዝበሎ ኩሉ ደጊማቶ፡ ንሱ ድሕሪ ሞት ኣብ ናይ ዘለኣለም ህይወት እምበር ናይ ዘለኣለም ኩነኔ ከም ዘይርኢ ርግጸኛ ኹይኑ እዩ ዚዛረብ ነይሩ። ከምኡ ክብል ከሎ እኳ ብውሽጠይ ቅጭ የምጽኣለይ እንተ ነበረ፡ ከምቲ ናቱ ርግጸኛ ኹይነ ክዛረብ ብውሽጠይ እደሊ ነይረ። ሰማዒኡን ረኣዪኡን ኺስሕቶ ዘይኽእል፡ ገለ ተስፋ መሳሊ ዘቕስኖ ብውሽጡ ከም ዝነበሮ ርኡይ እዩ ነይሩ።

ኣብዚ ከሎኻ ኸተረጋግጽ ዚከኣል እንተ ዚኸውን ከመይ ጽቡቕ ነይሩ ድማ በልኩዋ። ሽዑ ድማ እያ ብዛዕባይ ብዙሕ

ክትርዳእ ዝኽእለት። እቲ ንሳ ብዛዕባይ ክሳዕ ክንድኡ ክትርዳእ ምኽኣላ ድማ፡ ደሓር፡ ኣነ'ውን ብዛዕባ ገዛእ ርእሰይ ክሳዕ ክንደይ እፈልጥ ከም ዘይነበርኩ ክርዳእ ክኢለ። ዘደንገጽኩዋ ኹይኑ ድማ ተሰሚዑኒ።

መዓልቲ ኽትመጽእ እያ ኩሉ ሰብ ከኣ ነናቱ ጸብጻብ ክህብ ኣብ ቅድሚ ፈጣሪኡ ደው ኪብል እዩ። ኣብ ቅድሚኡ ደው ኢሉ ድማ፡ *ኣነስ ብፍጹም ቅንጣብ እኳ ትኹን ሓጢኣት ዚብሃል ዘይፈጸምኩ እየ* ክብል ዚኽእል የልቦን። ዓቢ ይኹን ንእሽቶ ብዘየገድስ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሓጢኣት-ሓጢኣት እዩ። ሓጥእ ድማ መንግስቲ ኣምላኽ ኺወርስ ኣይክእልን እዩ በለት።

ሽዑ ኣነ፡ እዋእ! እሞ እዚ ኹሉ ንእግዚኣብሄር ኸየጉሂ ኢለ ዝፍትኖስ፡ ዋጋ ዘይብሉ ከንቱ እዩ ማለት ድዩ? ኢለ ኣተሓሳሲቡኒ፣ ዳርጋ ኺሓትታ ድማ ኢለ ነይረ፡ ግና ዕሽነት ክውስኽ ዘይደሌኹ ግዲ ኹይነ፡ ትም ኢለ ምስምዐይ ቀጸልኩ።

እግዚኣብሄር ድማ ክንዲ ምንታይ ሓጢኣት ክንዲ ምንታይከ ጽቡቕ ግብሪ ጌርካ ኢሉ ብምጉድዳል ኣይኰነን ዝዓዩ። 99 ጽቡቕ 1/4 ድማ ሓጢኣት ዘላቶ ሰብ፡ ሓጥእ እዩ። በዚ ድማ እዩ እቲ ጽሑፍ "ኵሎም ሓጢኦም ክብሪ ኣምላኽ ድማ ስኢኖም፡ ሓደ እኳ ጻድቕ የልቦን ዚብል (ሮሜ 3፡23) ሓጢኣት የብልናን እንተ በልና ድማ ንኣምላኽ ሓሳዊ ንገብሮ ኣሎና፡ ስቕለትን ሞትን የሱስ ክርስቶስ ድማ ንኸንቱ እዩ ነይሩ ማለት እዩ።

ስለዚ፡ ሰናይ ተግባር፡ እግዚኣብሄር ዝፈትዎ እኳ እንተ ኾነ ሓጢኣት ኽድምስስ ግና ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ድማ እዩ እቲ "*መድሓኒ ዓለም*" እንብሎ የሱስ ክርስቶስ ምእንቲ ነፍሲ ወከፍና ኣብ መስቀል ዝሞተ። ናይ ነፍሲ ወከፍና ዋሕስ ክኸውን ግና ነፍሲ ወከፍና ከም ዋሕስና ኽንፈልጦ ኣሎና። ኣነ ከም ኣነ መጠን፡ ኣብ ክንዳይ ከም ዝሞተ እንተ ድኣ ኣሚነ ድሕነተይ ብእኡ እረክብ።

ድሕሪ ሞት፡ ኩሉ ሰብ ፍርዱ ኪቕበል ኣብ ቅድሚ ፈጣርኡ ደው ኪብል እዩ። ሓደ ሰብ እኳ ኣነ ጻድቕ እየ ኢሉ ድማ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኺማጐት ዚኽእል ኣይኪህሉን እዩ። እቲ ንየሱስ ክርቶስ ከም መድሓኒኡ ዝተቐበሎ ግና፡ ገና ኣፉ'ውን ከይከፈተ፡ እወ ሓጢኣቱ ተኣሚኑ፡ ዓስቢ ሓጢኣት ድማ ሞት ምዃኑ ፈሊጡስ፡ በቲ ኣነ ኣብ መስቀል ዝሞትኩሉ ክኸፍሎ ነቲ መስዋእተይ ተቐቢሉ እዩ። እሞ ዕድኡ ተኸፊሉ እዩ። በዚ ድማ ንዘለኣለም ምሳይ ክነብር መሰል ሂበዮ እየ ኢሉ ይቕበሎ።

ኣነ ነቲ ትብሎ ዘላ እናሰማዕኩን እናስተንተንኩን፡ ንሳ ድማ ገለ ሕሹኽ ይብላ ከም ዘሎ፡ ነቲ ክሓታ ኢለ ዝሓሰቦ እናመለሸት፡ ወዮ መገዲ ኽይተፈልጠና ከም ማይ ስትይ ኣበልናዮ። ኣብ ሓደ ቦታ ኣላጊስና ድማ ኽነዕርፍን ክንበልዕን




ኣብ ገጽ 30 ኣብ 1ይ ዓመዲ ቀጺሉ ኣሎ ....

መደብና።